## ናይ ዮሃና መልእኽቲ

ኣሕዋት ኣቦ መንበርን ኣባላትን መሰጋገሪ ማእከላይ ባይቶ ሰልፊ ዲሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራ

ብኣጋጣሚ ምዝዛም ምጽንባራዊ ዋዕላኹምን ምቛም ሰልፊ ዲሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራን ምዉቕ ናይ ዮሃና መልእኽተይ ከመሓላልፈልኩም እፈቱ። ምምስራት ሰልፍኹም ሓያል ድርኺት ነቲ ምእንቲ ሰብኣዊ መሰላት ዘውሕስ፣ ፍትሕ፡ ሰላምን ብልጽግናን ዘረጋግጽ፡ ዲሞክራስያዊ ስርዓት ንምትካል ኣንጻር ዲክታቶርያዊ ስርዓት ዝካየድ ዘሎ ቃልስታት ህዝብና ክኸውን ምኻኑ እምነትና ኢዩ።

ሰልፍኹም፡ ኣንጻር'ቲ ብስርዓት ኤርትራ ዝፍጸም ዘሎ ግህሰታት ንጡፍ ተሳትፎ ክገብርን፣ ኵሎም እሱራት ብቕጽበት ኣብ ምፍታሕ ዘኽእል ባይታታት ኣብ ምፍጣር ተራኡ ክጻወትን ትጽቢትና ኢዩ።

ያሲን መሓመድ ዓብደላ
ኣቦ መንበር ማእከል ሰይራ ንሰብኣዊ መሰላት
5 ጥሪ 2010